Informasjon

Om oss
Aktiviteter
Noen å snakke med
Hud & Helse
Vi mener
Bli medlem
For medlemmer
Medlemsfordeler
Min side
Send oss oppdateringer
Tillitsvalgt i PEF
Information in other languages
By language
By diagnosis
Landsmøtet
Likeperson i PEF

Hjem

ኣቶፒክ ኤክዚማ

English | Українська (Ukrainsk) | Polski | Davvisámegillii (Samisk) | Русский (Russisk) | Español
Af-soomaali | العربية (Arabisk) | **ትግርኛ (Tigrinja)**

ኣቶፒክ ኤክዚማ ኣዝዩ ተለዋዋጢ መስርሕ ዘለዎ ሕማም ቆርበት እዩ። እቲ ሕማም ደረቕ ቆርበት፣ ረስኒ፣ ብርቱዕ ሳሓ ዝልለ እዩ። ምልክታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ግዜ ንእስነት እዩ ዝረእ፡ ይኹን እምበር ኣብ ድሒሩ ዝመጽእ ህይወት እውን ክረእ ይኽእል።

ኣንዱ ፒ.ዲ.ኢፍ እዚ ይምልከት

ስእልታት፡ iStock

ብዛዕባ ኣቶፒክ ኤክዚማ

ኦቶፒክ ኤክዚማ ሕዱርን እንዳተደጋገመ ዝኸሰት ሕማም ቆርበት ኮይኑ ፡ ኣብ ዝተወሰነ ክባቢታት ኣካላትና ብሰሓ፡ ደረቕ ቆርበትን ረስኒን ዝልለ እዩ። እቲ ሕማም ዋላ እኳ ሕዱር እንተኾነ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ክሕግዙ ዝኽእሉ ሓያሎ ዓይነታት ሕክምናዊ ፍወሳታት ኣሊዉ።

ደረጃ ጽንኩርነት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። መብዛሕትኦም ኣቶፒክ ኤክዚማ ዘለዎም ሰባት ንኣሽቱ ቦታታት ቅልል ዝበለ ረስኒን ቅልል ዝበለ ሳሓ ጥራይ እዩ ዘለዎም። ኣብ ክቢድ ኣቶፒክ ኤክዚማ፡ ክቢድ ረስኒን ብርቱዕ ሳሓን ዘለዎ ዝግበየ ክፋል ቆርበት ይረእ።

ነጸርታ ብሓኪም ኣብ ሕክምናዊ ታሪኽ ናይቲ ሕሙምን ክሊኒካዊ መርመራ ቆርበትን ተመርኩሱ ይግበር። እቲ ሓኪም ብዛዕባ እቲ መርመራ ጥርጣረ እንተሃልይዎ፡ ተወሳኺ መርመራታት ክድሊ ይኽእል እዩ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ንእሽቶ ቅምሶ ቆርበት (ባዮፕሲ) ምውሳድ ግቡእ ክኸውን ይኽእል።

ኣቶፒክ ኤክዚማ ተላባዒ ኣይኮነን።

ጠንቂ

ጠንቂ ኣቶፒክ ኤክዚማ ዝተሓላለኸን ክሳብ ሕጂ ምሉእ ብምሉእ ዘይተፈልጠን ኮይኑ፡ ጀነቲካውን ክባብያውን ረቛሒታት ግን ተራ ከም ዘለዎም ንፈልጥ ኢና። ኣብ ድሕረ ባይታ ኣቶፒክ ኤክዚማ ዘሎ ኣገባባት ንምርዳእ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል።

ኣቶፒክ ኤክዚማ ምስ ዝኸሰት፡ መከላኸሊታት ቆርበት ይደክም፡ እዚ ድማ ቆርበት ንክባቢኡ ዘለዎ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ውሑድ ይገብሮ። ኣቶፒክ ቆርበት ብቐሊሉ ብክባቢ ይጽሎን ካብ ጥዑይ ቆርበት ዝያዳ ጠሊ ይፍኑ፡ ስለዚ ድማ ዝነቐጸ እዩ። ኣብ ርእሲ እቲ ዝደኸመ መከላኸሊ ቆርበት፡ ኣብ ስርዓተ ምክልኻል ቆርበት ለውጢ ስለዘሎ ቅይሕን ሰሓን ረስኒን፡ ኤክዚማ የስዕብ።

ተውሳስን ደረቕ ቆርበትን ብዙሕ ሰሓንን ብዙሕ ንቆርበት ምሕኻኽን ነቲ መከላኸሊ ቆርበት ዝያዳ የዳኽሞ። ሰሓ ናብ ምሕካኽ የስዕብ እዚ ድማ ብግዲኡ ካልእ ሰሓ የስዕብ፣ እዚ ዝደጋገም ዑደት ሰሓ-ምሕኻኽ ይብሃል ። በዚ መንገዲ እዚ እቲ ሓካኪን ይጋደድ እሞ ብዙሓት ሰባት ናብ ዘይደለይዎ ዕጫ ይኣትዉ፣ ኣብኡ ድማ እቲ ኤክዚማ ሕዱር ይኽውንን ኣብቲ ክባቢ ኽእሊ ሓደጋ ረኽሲ ቆርበት ይውስኽን።

ምልክታትን ኣቀማምጣን

እቲ ሕማም ደረቕ ቆርበት፣ ረስኒ፣ ብርቱዕ ሳሓ ዝልለ እዩ። እቲ ተውሳስ ሓርፋፍ ክኸውን እንከሎ ይቐይሕን ይረግፍን። ሓደ ሓደ ግዜ ፈሳሲ ዘለዎ ዕንፍሩር/ናኣሽቱ ፈጽጋ ይፈጥር። እቲ ተውሳስ ኩሉ ግዜ ክህሉ ይኽእል ወይ ድማ ክመጽእን ክኸይድን ይኽእል። ገለ ሰባት ንእሽቶ ቦታታት ቅልል ዝበለ ሰሓ ጥራይ ክህልዎም እንከሎ፡ ገለ ድማ ሰፊሕ ክባቢታት ቆርበት ምስ ብርቱዕ ሰሓን ተውሳስን ክህልዎም ይኽእል።

እንታይ ይመስል እቲ ኣብ ቆርበት ዝረእ ደረቕ ቦታታትን ኤክዚማን ካብቲ ዝተረፈ ቆርበት ዝተፈለየ ሕብሪ ይሕዝ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ዓይነት ቆርበት ድማ ዝተፈላለየ ክመስል ይኽእል። ኣብ ጽዕድው ዝበለ ቆርበት፡ እቲ ኤክዚማ ዘለዎ ቦታ ቀይሕ ወይ ሮዛ ክመስል ይኽእል። ኣብ ጸሊም ቆርበት፡ እቲ ምኽያሕ ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣይረእን፡ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ካብቲ ኣብ ዝተረፈ ክፋል ኣካላት ዘሎ ቆርበት ዝጸለመ ይመስል፡ እቲ ክባቢታት ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ወይናይ ወይ ሓሙኽኽቲ ሕብሪ ኣለዎ።

ኣበየናይ ክፋል ኣካላትና ይረኩብ ተውሳስን ዕንፍሩርን ናይ ኣቶፒክ ኤክዚማ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣካላትና ኣብ ዝተፈላለየ ዕድመ ክረእ ልሙድ እዩ።

ኣብ ዕሸላት (0-2 ዓመት)፡ ኣብ ገጽን ኣብ ኣብ ቅልጽምን እግርን ተውሳስ ክረእ ልሙድ እዩ። ኣብ ክሊ ዕድመ (2-12 ዓመት)፡ ኤክዚማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ብርኪ ኢድን ብርኪን ይርከብ፡ ኣብ ጉርዝውናን ብጽሕናን ድማ ተውሳስ ዝያዳ ኣብ ገጽ፡ ክሳድን ኣእዳውን ይርእ።

ስእልታት፡ ኣብ ዕሸላትን ዓበይትን ዝረእ ኣቶፒክ ኤክዚማ። (iStock).

ተርእዮ

መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ኣብ ስካንዲናቪያ ካብ ኣርባዕተ ቆልዑ ሓደ (1) ከምኡ'ውን ሓደ ካብ ዓሰርተ ደቂ 18 ዓመት (2) ኣቶፒክ ኤክዚማ ኣለዎም። ይኹን እምበር፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ እቲ ተርእዮ ኣብ ዓበይቲ ሰባት ልክዕ ከምቲ ኣብ ህጻናት ልዑል እዩ። ኣስታት 70% ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ዕድመኦም ኤክዚማ የጋጥሞም፣ ንኣስታት 30% ካብዚኦም ግን እቲ ኤክዚማ ቅድሚ ዕድመ ትምህርቲ ይሃድእ (3) ።

ቅድመ ገምጋምን ሕክምናን

ቅድመ ገምጋም ኣቶፒክ ኤክዚማ ሕዱር ሕማም ቆርበት ኮይኑ፡ ገለ ሰባት ግን ኣብ ምሉእ ህይወቶም ካብ ኤክዚማ ነጻ ዝኾኑ እዋን ክህልዎም ይኽእል። ብዙሓት ኣቶፒክ ኤክዚማ ዘለዎም ህጻናት ኣብ ዕብየቶም ውሑድ ጽልዋ ይህልዎ፡ ንብዙሓት ግን እቲ ምልክታት ክሳብ ጉርዝውናን ብጽሕናን ይቕጽል።

ሕክምና ንኣቶፒክ ኤክዚማ ሓያሎ ጽቡቕት ኣማራጺታት ሕክምና ኣለዉ፡ ሕክምና ብኣግኡ ምጅማር ድማ ኣገዳሲ እዩ። ኤክዚማ ብሞይስቸራይዘርን ፍወሳ ክሬማትን ንኣብነት ከም ኮርቲሶን ክሬማት ይፍወስ። ዝያዳ ኅሊሑ ዝረእን ክቢድን ኤክዚማ ኣብ ዝህልወሉ እዋን፡ ተወሳኺ ፍወሳ ከም ናይ ብርሃን ፍወሳ ወይ ክኒና/መርፍእ ክድሊ እዩ።

ቅልል ዝበለ ኣቶፒክ ኤክዚማ ብሓኪም ሓፈሻዊ ሕክምና ክሕክም እንከሎ፡ ዝያዳ ንሕክምና ዝጸወርን ክቢድን ኣቶፒክ ኤክዚማ ድማ ናብ ሓኪም ቆርበት ይውክስ።

ብሞይስቸራይዘር (ክሬም፡ ቅብኣት፡ ሎሽን) **ዝግበር ሕክምና እቲ ኣገዳሲ ሕክምና እዩ።** ንቐጽጽ ቆርበትን ሰሓን ንምክልኻል ኣብ መዓልቲ ክሳብ ብዙሕ ግዜ እቲ ክሬም ክልክ ኣለዎ ። ከባቢታት ኤክዚማ ብኮርቲሶን ስቴሮይድ ወይ ንካልሲኒዩሪን ዝዓግቱ ዝበሃሉ ዓይነታት ህክምና ይሕከሙ ። ከምዚኦም ዝበሉ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝዓብሱ ቅብኣታት/ክሬም ኣብ ቆርበትና ንዘሎ ነድሪ ይቕንሱን ሰሓ የቃልሱን እዮም ።



ስእልታት፡ ኣብ ሓደ ከባቢ ቆርበት ንነዊሕ እዋን ዝጽነሕ ሳሓ ምዕባስ ቆርበት (lichenization) ክስዕብ ይኽእል።

ምስ ኣቶፒክ ኤክዚማ ምንባር

ብዙሓት ብኣቶፒክ ኤክዚማ ዝሳቐዩ ሰባት፡ ንዓይነት ህይወቶም ብዓቢ ወይ ብውሑድ ደረጃ ከም ዝጸልዎ ኮይኑ ክረኽቡዎ ይኽእሉ ። ጽቡቕ ናይ ምልካይ ልምድታት ምውህደን ንቆርበት ብዝበለጸ መንገዲ ምሕቡሓብን ኣገዳሲ እዩ ።

ንኤክዚማ ንኸይገድድ ዝሕግዙ ምኽርታትን ሜላታትን

- ንነዊሕ እዋን ኣብ ውዑይ ማይ ካብ ምሕምባስ ወይ ምሕጻብ ኣወግድ ።
- ኩሉ ግዜ ድሕሪ ሻወር/ምሕምባስ ኣብ ቆርበትና ሞይስቸራይዘር ምልካይ ።
- ንቆርበትካ ዘቕጥዕ ክዳውንቲ (ብተለምዶ ኤል ወይ ርጉድ ዝበለ ክዳውንቲ) ካብ ምኽፋን ተቖጠብ ።
- ብለይቲ ናይ ላዕሊን ናይ ታሕቲን ልስሉስ ፓጃማን ምኽፋን ኣብ ድታስ ከለኻ ካብ ምሕኻኽ ክከላኸል ይኽእል ' ዩ ።
- ብለይቲ ናይ ጡጥ ጓንቲ ምግባር ኣብ ድታስካ ካብ ምሕኻኽ ክከላኸል ይኽእል ' ዩ ።
- ጽፍርኻ የሕጺርካ ምቑራጽ ካብ ምሕኻኽ ክከላኸል ይኽእል ።
- መደቀሲኻ ዝሑልን ኣየር ዘለዎን ይኹን ።
- ልኡም ጽሬት ኢድ፡ ጸረ-ረኽሲ ኣልኮል ምስ ግሊሰሮል ካብ ምሕጻብ ኢድ ዝያዳ ልኡም እዩ ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ጥራይ ኣእዳውካ ተሓጽብ ። ልብጥ ዝበለ ማይን ልኡምን ኽታ ዘይብሉን ሳሙናታትን ተጠቐም ። ድሕሪ ምሕጻብ ኢድካ ሞይስቸራይዘር ምጥቃም ።

ናይ ደገፍ መደባት ሕዱር ሕማም ቆርበት ዘለዎም ሰባት፡ ብዘይ ዶክተር ዝሸየጡ ፍወሳታት ምሕጻብን መድሃኒታትን ከረኽቡ ይኽእሉ ። ካብ ሃገራዊ መደብ መድሕን ንመድሃኒታት ዝኽፈልካዮ ገንዘብ ንኽምለሰልካን፡ ናብቲ መደብ ንመታውን መጀመርታ ከተመልክት ኣለካ፡ እዚ ድማ ብሓኪም ቆርበትካ ክግበር ኣለዎ ።

ብዛዕባ መሰላትኩምን ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ምምላስ ኣማራጺታት ኣብዚ ኣንብቡ ።

ከም ሕዱር ሕማም ዘለዎ ሰብ መጠን ብዛዕባ መሰላትካ ሕቶታት ኣለካ ድዩ? ናብ መስመር ቴሌፎን መሰላት FFO ቴለፎን 23 90 51 55 ደውሉ ።

Psoriasis- og eksemforbundet
Postboks 6547 Etterstad, 0606 Oslo
Besøksadresse: Borgenveien 66, 0373 OSLO

Personvern | Meld deg på nyhetsbrev

Vi har telefontid alle hverdager kl. 09 -15
Telefon: 23 37 62 40
E-post: post@pefnorge.no

Psoriasis- og eksemforbundet ung er en interesseorganisasjon for barn og unge med psoriasis, atopisk eksem, andre hudsykdommer og psoriasisartritt.